# ክትራ ብቐትሪ: ሽፍትነት ጎደቦ!!!
# ምስ ተሓዝለ ዝሓጽር ድንኪ!!!!






ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ቀ.ሚ. መለስ ዜናዊ ብ.ጀ. ተኽለ ክፍላይ

ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቅድሚ ምምጽኡ: ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ): ምስ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ (ማንጁስ): ኣብ ዘይሕጋዊ ፍልሰት ደቂ ኣዳም ብሓባር ይሰርሕ ነይረ ኢሉ እንተዘይመስኪሩ: ኣብ ማእሰርቲ ክበሊ ምኻኑ ሓብርዎ!!!!!!! ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ:-






ቀ.ሚ.ሃይለማርያም ደሳለኝ ፕ.ሳልቫኬር



ሪክማቸር

ሳልቫኬር እነግረካ ኣለኹ! ጸሓፊ ወጻኢ ጉዳያት ኣሜሪካ ጆን ኬሪ መጺኡ እንከሎ: ካብዛ ዘለኻያ ክፍሊ ከይወጻእካ እንከለኻ: ምስ እዚ መቐናቕንትኻ ሪክማቸር ቶኽሲ ደው ናይ ምባል ውዕል እንተዘይከቲምካ: ናብ ማእሰርቲ ከተምርሕ ኢኻ!!! ቀዳማይ ሚኒስተር ሃይለማርያም ደሳለኝ:-

## መእተዊ

1. ዝኸበርኩም ተኸታተልቲ: ኣብ'ዚ ካብ ሎሚ ጀሚርና ብተኸታታሊ ከነቕርቦ መዲብና ዘለና ጽሑፍ: ምናልባት ኣብ ኣቀራርባና: ንሓደ ውልቀ-ሰብ ንከላኸል ዘለና ከምስል ይኽእል ይኸውን:: ኣብ ውሽጢ ናይ'ቲ ትሕዝቶ ብጥልቀት ምስ እንኸይድ ግን: ንናይ ሓደ ውልቀ-ሰብ ጉዳይ ኢልና ዘይኮነ: እንታይ ድኣ ብመንገዲ እቲ ውልቀ-ሰብ ንምልእቲ ሃገር ወረ ሕጅስ ንምልእቲ ኣፍሪቃ እንተበልና ኣየጋንንናን: ኣብ ባይታ ብዘየለ ነገርን: ጭብጢ ብዘይተረኸቦ መንገድን: ነቲ ናይ ንድየት ዕንደራን ደባሊቕካ: ንሃገር ብዕምብረ ሓሶት ጸለሎ ቀቢእካ ንዝግበር ዳንኬራ ክስታት ንምቅላዕ ዝዓለመ ኢዩ:: ነቲ ጽሑፍ ብዕምቆትን ብተኸታታልን ዘይነበቦ ሰብ ግን: ብላዕሊ ላዕሊ ጥራይ ንውልቀ-ሰብ ንከላኸል ዘለና ክመስሎ ይኽእል ኢዩ:: ብሓላፍነታዊ መንገዲ ውልቀ-ሰብ 'ውን ንጹህ እንተኾይኑ: ክንከላኸለሉን ክንጣበቐሉን ግቡእን ግዴታ ኢዩ:: ስለ'ዚ እዚ ናይ ሎሚ ጽሑፍና: ንብዙሕ ሕልኽላኻዊ ውዲት ኣሰራርሓ ተቓጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን: ምትእስሳሩ ምስ ስርዓት ኣዲስ ኣበባን: ዘጋጥሞ ዘሎ ብድሆታትን ብዝተጨበጠ መልክዑ ዘቕርብ ስለ ዝኾነ: ክትራ ብቐትሪ ሽፍትነት ጎደቦ ምስ ተሓዝለ ዝሓጽር ድንኪ ብህድኣት ክትነብዎ ንዕድም::

ሰናይ ንባብ ን4ይ ክፋል

49\. እቲ ዘገርም ግን: እቲ ንሱ ዝሃቦ ቃል እምነት ተባሂሉ ዝቐረበ: ተቆጻጻሪት ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ንኤርትራ ኣብ ምጥቃን ከም መርትዖ ተጠቒማትሉ ጥራይ ዘይኮነ: ኣብ'ቲ ናብ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘቕረበቶ ሰነድ: ከም ጭቡጥ መርትዖ ኢዩ ምስ ሰነዳቱ ዘርዚራ: ምስ ስእሊ ናይ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ብምስናይ ኣቕሪባ: ነቲ ናይ ስርሓ ምንዋሕ ግዜ ናብ 16 ኣዋርሕ ከም ሓጋዝን ወሳንን ነጥቢ ተጠቒማትሉ ዘላ::

## ንምኳኑ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ) ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ከ ኣበይ ኣሎ?

50\. ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ): ብቤት ፍርዲ ነጻ ምስ ተባህለ: ናብ ክልል ትግራይ ሽረ ብምምጻእ: ነቲ ባዕሉ ኣባሉ ዝኾኖ ውድብ ክምለሶ ዝመደበ:: ነቲ ምሉእ መሳርሒ ሙዚቃ ኸኣ: ንደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኣረኪቡዎ:: በዚ ተግባሩ ዘይተሓጎሱ መሪሕነት ናይ ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝተባህለ ውድብ: ኣቦ ወንበር ዑቕባዝጊ ድቡስ: ነቲ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ኣባሉ ዝነበረ ውድብ ክፋሉ ምስ ናቶም ሓይሊ ክሰምር ኣብ ምርድዳእ ስለ ዝነበሩ: ናይ'ቲ ከሰተ ዝነበሮ ውድብ ኣቦ ወንበር ከኣ: ጥዕሙዝጊ ሃይሉ ዝተባህለ: ንሓላፊ ወትሃደራዊ ጉጅለ ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ዓስከር ስርዓት ደርግ ነበር ፍስሃ ሃይሉ ሓዉ ስለ ዝኾነ: እተን ንብረት ናይ ከሰተ ዝኾና መሳርሒ ሙዚቃን: ካልእ ተንቀሳቓስን ቀዋሚ ንብረትን ስለ ዝደለዩ: ንከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ) ናብ ናይ ክልል ትግራይ ናይ ጸጥታ ሓለፍቲ ክሲ ብምምስራት



ዑቕባዝጊ ዱቡስ ከእስርዎ ፈቲኖም ናብ ቀይዲ ኣትዩ:: (ናይ ሕጂ ኣቦ ወንበር ምንቅስቓስ ደሞክራስን ፍትሕን ንኤርትራ (ም.ደ.ፍ.ኤ.) E.M.D.J.) ካብ እስራኤል ናብ ኢትዮጵያ ዝመጸ ጥዕሙዝጊ ሃይሉ ኢዩ::) ?

51. ኣቐዲሙ ‘ውን ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ): ካብ ቤት ማእሰርቲ ናብ ቤት ፍርዲ ዝመላለሰሉ ዝነበረ እዋን: ናይቲ (ም.ደ.ፍ.ኤ.) E.M.D.J.) ዝተባህለ ውድብ ኣቦ ወንበር ዝነበረ ሃገረይ ነጋሽ: (ሃገረይ ነጋሽ ብትውልዱ ኢትዮጵያዊ ኢዩ:: ቀንዲ ስሙ ከኣ: ኣስመላሽ ነጋሽ ኢዩ::) ምስ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝቕመጥ ኢሰያስ ጸጋይ ዝተባህለ ናይቲ ውድብ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ሓላፊን: ኣብ ጀርመን ዝምቕማጡ ክብረኣብ ዘካርያስ ናይ ዞባ ኤውሮጳ ተጸዋዒ ሓላፊ ብሓባር ኮይኖም: ኣንጻር ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ) ናይ ሓሶት ምስክርነት ንምቕራብ: ሰበ ስልጣን ስለያ ክልል ትግራይ ብዝሃብዎም መመርሒ መሰረት ብስዉር ብምስምማዕ: ኣብ ሓማሴን ደቂ ሽሓይ ዝዓዱ መልኣከ ሰረቐ (ዋርሳይ) ንዝተባህለ ኣባል ናይቲ ውድብ ዝኾነ መንእሰይ: ብገንዘብ ደሊሎም ከመስክርዎ ብምሕሳብ: ድሕሪ እቲ ብሚስጢር ዘካየድዎ ኣኼባ: መልኣከ ሰረቐ (ዋርሳይ) እዚ እትብልዎ ዘለኹም ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ): ምስ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ (ማንጁስ) ሓቢሩ ኣብ ምስግጋርን ምሻጥ ደቂ ኣዳምን ገበን ይሰርሕ ነይሩ ትብልዎ ዘለኹም: ብፍጹም ሓሶት ኢዩ:: ካበይ ኣምጺእኩሞ? ብኸመይ ኢኹም ከ ንዓይ ክምስክር ዓዲምኩምኒ? ኣነ ብሓሶት ንሓደ ኤርትራዊ እሞ ኸኣ ንናይ ቃልሲ ብጻየይ ዝውዕሎ ጉዳይ ኣይኮነን:: ምስ በሎም: ክብረኣብ ዘካርያስ ንኣስመላሽ ነጋሽ ንምንታይ ድኣ ዋርሳይ ንኽምስክር ድሉው ኢዩ ኢልካ ትሕብረና? ሕጂ ኣፍሺልካና ኢሉ: ነቲ ዝጀመርዎ ኣኼባ ከይወድእዎ ወጺኦም:: ነዚ ሓቂ እዚ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን: መልኣከ ሰረቐ (ዋርሳይ) ክደግሞ ዝኽእል ኢዩ::

52. መልኣከ ሰረቐ (ዋርሳይ): ድሕሪ ሃገረይ ነጋሽ (ኣስመላሽ): ካብ ናይ ኣቦ ወንበርነት ሓላፍነቱ ምውራዱ: ውድብ (ም.ደ.ፍ.ኤ.) E.M.D.J.) ናብ ክልተ ስለ ዝተፈንጨለ: እቲ ሓደ ፍንጫል ምስ ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ክሰምር እንከሎ: እቲ ዝተረፈ ከኣ ሓድሽ ኣቦ ወንበሩ ንመልኣከ ሰረቐ (ዋርሳይ) ድሕሪ ምምራጹ: ሰበ ስልጣን ወያነ ነቲ ውድብ መግለጺ ክህቡ ብማለት ምስ ኣከብዎ: መልኣከ ሰረቐ (ዋርሳይ): ኣብ ጉዳይና ጣልቃ ኣይትእተዉና: ንሕና ቃልስና ባዕልና ክንመርሕ ምበር: ብኣኹም ክንምራሕ ኢልና ኣይተሰለፍናን: ጉዳይ ኤርትራ ኸኣ ብኤርትራውያን ኢዩ ዝፍታሕ: ብዛዕባ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ከኣ: ንሕና ከም ብጻይና ኢና እንፈልጦ:: ዝኾነ ጭብጢ ክሳብ ዘይረኸብና ኸኣ: ኣንጻሩ እንገብሮ ምንቅስቓስ ኮነ ጎስጓስ የለን:: ኢሉ መግለጺ ድሕሪ ምሃቡ: ብምኽትል ጀነራል መስፍን ኣማረ ኣቶ ኣብርሃ ተባሂሉ ዝጽዋዕ በዓል ስልጣን ተጸዊዑ: ነቲ ንሱ ዝመርሖ ዝነበረ ውድብ ከፍርስን: ኣፍሪሱ ኸኣ ብሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ኤርትራ ኮይኑ ተሰይሙ ዘሎ: ልኡል ጋይም ብዝወሃቦ መምርሒ መሰረት: ኣብ ትሕቲ ሃገረይ ነጋሽ (ኣስመላሽ) ክጥርነፍ: ነዚ ዘይቅበል እንተኾይኑ ኸኣ: ናብ መዓስከሩ መዓስከር ስደተኛታት ክስጎግ ብዝተዋህበ መምርሒ መሰረት: ምስ ኣርባዕተ ብጾቱ ዕጥቆም ኣውሪዶም ናብ መዓስከር ስደተኛታት ድሕሪ ምምላሱ: ናብ ቀይዲ ኣትዩ:: ድሕሪ ናይ ገለ ኣዋርሕ ምቕያድ: ጉዳዩ ኣብ ግዳም ኮይኑ ክከታተል ዕድል ምስ ተዋህቦ: ካብ ክልል ትግራይ ኣምሊጡ: ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሱዳን ይርከብ ኣሎ:: እቲ ስጊንጢር ነገር ከኣ: ድሕሪ ካብ ትግራይ ወጺኡ ናብ ሱዳን ምእታዉ: ሰበ ስልጣን ኣራ ብስሙ ማለት: ብስም መልኣከ ሰረቐ (ዋርሳይ): ግሪን ቪዛ ከም ዝመጾ ኣብ ሊስት ምጥቀዖም ኢዩ:: ዝያዳ ነዚ ጉዳይ ከረጋግጽ ዝደሊ ኣካል እንተሎ ኸኣ: ኣብ ሱዳን ንመልኣከ ሰረቐ (ዋርሳይ) ምርካብ ዝከኣል ይመስለና::

52. ሃገረይ ነጋሽ (ኣስመላሽ): ኢሰያስ ጸጋይ: ክብረኣብ ዘካርያስ: ኣቐዲሞም ንዝተፈላለዩ ኤርትራውያን ኣብ ማእሰርቲ ናይ ወያነ ከም ዝምሽምሹን: ከም ዝበልዩን ዝገበሩ ኢዮም:: ናይቲ ንሳቶም ባዕሎም ከሰስትን: መስከርትን ኮይኖም ዘእሰርዎም ንጹሃት ኤርትራውያን ዝርዝር ሰነዳዊ ትሕዝቶ ከኣ: ኣብ ቀጻሊ ብፍሉይ መልክዕ ከነቕርቦ ኢና:: ኣብዚ ጉዳይ እዚ እታ ቐንዲ ከም ኣደ ሰብኣውነት እትፍለጥ ዓዲ እንግሊዝ ዝመደበራ ኤልሳ ጭሩም: ብለኣኽነት ደረጃ ዓቢ ተራ ዝነበራ ኢያ:: ኤልሳ

ጭሩም ነቲ ወያነ ንኤርትራ ብብሄርን ኣውራጃን ናይ ምክፍፋል መደቡ ዝሰርሓሉ ዘሎ ስልቲ: ብተመስጠኣዊ ቅዲ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለም ናይ ኣውራጃ ፍልልይ ብምእታው: ንኣውራጃ ሰራየ ትሓሊ ዘላ ክትመስል: ኣብ ሞንጎ ኣውራጃታት ኤርትራ እትገብሮ ዘላ ምትፍናን :እዚ ንበዓል ኢሰያስ ጸጋይን: ክብረኣብ ዘካርያስ ምውፋራ: ብድሕሪ እቲ ናይ ኢትዮጵያ ዘሎ ምንቅስቓስ: ናታ ነዊሕ ኣጽፋር ምህላዉ ዘነጽር ኢዩ::


53. ኤልሳ ጭሩም ነቲ ንሃገረ ኤርትራ ናይ ምብትታን መደባታ: በዚ ልዕል ክብል ዝተጠቕሰ ጥራይ ኣይኮነትን እተካይዶ: ንሳ ነቲ ንናጽነት ኤርትራ ዘይቕበልን: ንመስዋእቲ ኤርትራውያን ብልግጫን ባጫን ዝርእን ዝገልጽን: ዮሴፍ ገብሪህይወት ዘለዋ ኣድናቖትን: ናይ መትከል መርገጽ: ፍቕሪ ከም ዝሓዛ ጎርዞ ሕግብግብነታን: ሕልኽልኽነታን ብግብሪ ዘርኣየት ኢያ:: ዮሴፍ ገብሪህይወት ህላዌ ነጻነት ኤርትራ ዘይኣምንን: ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ ምዃና ዝሟጎት ሃዋርያት ኣቦ ኣንድነት ኢዩ:: ኣብ ምቕያስ ውዲት ምእሳር ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ): ምስ ኣብ ኢትዮጵያ ዝመደበሩ: ብመንገዲ ወያነ ፍሉይ ቦታ ኣጠማምታን ዝተዋህቦ ልኡል ጋይም ብምትሕብባር ኢዩ ኩሉ **ዮሴፍ ገብሪህይወት** ተዋዲዱ:: ንልኡል ጋይም ይኹን: ንዮሴፍ ገብሪህይወት ዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ: ብፍሉይ ኣገባብ ኣብ ቀጻሊ ጽሑፋትና ንበይኑ ክነውጽኦ ኢና::

51. ብወገኑ ፖሊስ ክልል ትግራይ: ንከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ) ናብ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ምስ ኣቕረቦ:: ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ: እዚ ሰብ እዚ: እቲ ዘድሊ መርመራኡ ወዲኡ: ብቤት ፍርዲ ማእከላይ መንግስቲ ነጻ ዝተባህለ ስለ ዝኾነ: ኣብ ልዕሊኡ ዝኾነ ይኹን ክሲ ይኹን: ማእሰርቲ ክነተግብር ኣይንኽእልን ኢና ብማለት ነጻ ምስ ለቐቖ:: ሓለፍቲ ጸዋታ ክልል ትግራይ: ካብ ኢትዮጵያ ናብ መሬት ሱዳን ሓምዳይት ዝተባህለ ቦታ ባዕሎም ኣብጺሖም ጠሪዞሞ ኣለዉ::

52. ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ): ኣብ ሓምዳይት ድሕሪ ምብጽሑ: ኣብ ሱዳን ይነብር ኣሎ:: ኮይኑ ግን ኢትዮጵያ ንፖለቲካዊ ዕላማታታ ንምትግባርን: ነቲ ካብ ኢዳ ዝሞለቓ ካርታ ጸወታ ናይ እገዳ ደጊማ ንምምላሱን: ንኤርትራ ኣኽቢድካ ንምቕጻዕን: ኣብ ጸለመን ሃድንን ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ኢዳ ኣየዕረፈትን ዘላ:: ነዚ ንምስላጥ ከኣ: ቀንዲ ሉኡኻታ ብምውፋር ኣብ ትሰርሓሉ ዘላ እዋን: መሳርሒ ኢላ ሒዛቶም ዘላ ሰባት ከኣ: እቶም ንመንእሰያት ኤርትራ ኣብ ሲናይ ይኹን: ብባርኾት መንግስቲ ኢትዮጵያ: ካብ መዓስከር ስደተኛታት ኢትዮጵያ: ናብ ሱዳን ብምስግጋር: ናብ ሊብያን ሲናይን ዘሰገጋሩ ዘለዉን: ካብ ኤርትራ ውሽጢ 'ውን ከይተረፈ መንእሰያት ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ብምውጻእ: ሃገር ዑቑር ባህርያዊ ሃብቲ መንእሰያታ ዘዘቚቕም ዘባድሙ ዘለዉ: ከም በዓል ዮውሃንስ ማሕራይ (ጆን ማሕራይ) ኪሮስ ሃይሉ ጥዕምዝጊ መሓሪ ሃብተማርያም ፍትዊ ሓድሽ ጽንዓትን ዝበሃሉ ኢያ ኣዋፊራ ዘላ::

57. ኢትዮጵያ ንጉዳያት ከተሳልጥ ከቢድ ዋጋ ኣብ ምኽፋል ኢያ ትርከብ ዘላ: ነቲ መንግስቲ ሱዳን ኣብ ልዕሊ ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ ኣውጺእዎ ዘሎ ኣዋጅ ጉልባብ ብምግባር: ምስቲ ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ኣብ ጸብጻቡ ዘቕረቦ ንስእሊ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ኣንገሶም ወጅሀይ) ኣመልኪቱ ዘቕረቦ ብምምዝማዝ: እተሰሊጥዋ ብኹሎም ሃሱሳታ ኣቢላ ከተቐይዶ ኣብ መደብ ኢያ ዘላ:: ነዚ ከተሳልጥ ብማለት ኢያ ኸኣ: ብመንገዲ Facebook ብ Hadish Goulay ዝብል መጸውዒ ስም ዘለዎ ሰብ ገይራ: ሓደ ናይ ጠቖነ ጽሑፍ ብምዝርጋሕ: ናብ ዝበዝሐ ተጠቃሚ Facebook ከም ዝባጻሕን ከም ዝዝርጋሕን ዝገበረት::



53. ንምኻኑ ዮውሃንስ ማሕራይ (ጆን ማሕራይ) መን ኢዩ? ዮውሃንስ ማሕራይ ትውልዲ ዓዱ ዑና ዓንዶም ኮይኑ: ኣብ ከባቢ 2007 -2008 ናብ ሱዳን ድሕሪ ምእታዉ: ኣብ ኢትዮጵያ ዱልዱል ናይ መቐበሊ ቦታ ዘለዎ: ሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያ ብዝገብርሉ ምትሕብባር ናይ መንቀሳቐሲ ወረቐት: ዋላ 'ውን ናብ መሬት ኤርትራ ብስልኲ ብምእታው: መንእሰያት ካብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሰጋግርን: ገዚፍ ጉጅለ ዝውንን: ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ ስለያ ወያነን ተጸዋዕቲ ኣመሓደርቲ ኣራን: ዱል-ዱል ዝምድናን ርክብን ዘለዎን: ብቐንዲ ሰበ-ስልጣን ስለያ ወያነ: ብዕሱብነት ዝተኸትበ ኢዩ:: ጆን ማሕራይ ኣብ'ቲ ንከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ንምኽሳስ ዝተዋደደ መስርሕ: ገዚፍ እጃም ዝነበሮን: ብመሰረት ብሰበ-ስልጣን ስለያ ወያነ ዝተዋህቦ መመምርሒ: ኣስታት 250,000,00 (ክልተ ሚእቲን ሓምሳን ሽሕ ብር ኢትዮጵያ) ንኣማንኤል ተስፋይ ዝተባህለ ናይ ሓሶት ምስክር ብምዕዳግ: ንከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ገበነኛ ከኽግብሮ መዲቡስ: ፌደራል ቤት ፍርዲ ነቲ ዝቐረበ ናይ ሓሶት ምስክርነት ብምንጻግ: ንተኸሳሲ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም ብነጻ ኣሰናቢትዎ ኢዩ::

54. ዮውሃንስ ማሕራይ (ጆን): ካብ'ቲ ብዙሕ ዘሰላሰሎ እከይ ውዲታዊ ስራሕ: ምስ ኪሮስ ሃይሉ ዝተባህለ ከባቢ 30 ዝዕድሚኡ: እምባብድሓን ከባቢ ሰንዓፈ ዝዓዱ መሳርሕቱ ብምኻን: ኣብ ሲናይ ናይ ዝጠፍኡ ኤርትራውያን ዜጋታት ብህይወት ዝሕተቱ ኣብ ርእሲ ምኻኖም: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ከኣ ብሓለፍቲ ወያነ ብዝግበረሎም ዘሎ ገዚፍ ምድግጋፍን ምንክብኻብን: ብናይ ኢትዮጵያ ወትሃደራዊ መካይን ተደጊፎም: ካብ መዓስከር ስደተኛታት ኢትዮጵያ ማለት:- ካብ ኩሉ ኣብ ትግራይ ዝርከብ መዓሰከራት ስደተኛታት: ነቶም ስደተኛታት ክሳብ ሱዳን ዝበጽሑ ብነጻ ብምምጻእ: ኣብ ሱዳን ምስ በጽሑ ናብ ስድራ ቤቶም ብምድዋል: ክንድዚ ሽሕ ዶላር ክፈሉ! እንተዘይኮይኑ እናበሉ ብምፍርራሕ ገንዘብ ኣብ ርእሲ ምዝራፎም: ንህጻናት ዕሽላት ደቂ ኣንስትዮ ዘበላሸዉ ዘለዉ ኢዮም:: ነቶም ናብ ሱዳን ዘምጽእዎ ከኣ: ናብ ሊብያ ብምስግጋር ነቲ ዝደለይዎ ክፊሊት ብዝተዓጻጸፈ ደረጃ ብምኽፋል: ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ዓቢ ገበን ዝፍጽሙ ዘለዉ ናይ ወያነ ተለኣኣኽቲ ኢዮም::

55.ኣብ'ቲ ኣብ ላምፓዱሳ ዘጠጋመ ህልቂት 'ውን: ናይ'ቶም ካብ ኢትዮጵያ ዝነቐሉ ኤርትራውያን ካብ ዘሰጋገርዎምን: ብድፊኢት ሰበ-ስልጣን ወያነ ናብ ሊብያ ንኽበጽሑ ብሃታ-ሃታ ዝመስርሕዎን: ነቲ ጉዕዞ ኣብ ምቅልጣፍ ቀንድን ጉሉሓትን ዝነበሩ ሰባት ከኣ: ዮውሃንስ ማሕራይን (ጆን)ን ኪሮስ ሃይሉን ኢዮም:: ኣብ ቀጻሊ ምስናይ ጭብጥታቱ: ብዝሰፍሐ መልክዑ ናይዞም ኣብ ላዕሊ ኣስማቶም ተጠቒሱ ዘሎ ሰባት: ክንዝርግሕ ኢና::

5 ክፋል: ኣብ ዝቕጽል የራኽበና:-

ጉጅለ ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት!!!
gdusattsenatsenti@gmail.com